Folkhälsomyndigheten

ሓበሬታ ንገየሽቲ

# ብዛዕባ እዚ ሓድሽ ቫይረስ ”ኮሮና”

እዚ ሓበሬታ፡ ነቶም ኣብ’ዚ ቐንያት’ዚ ካብ’ቲ ሓድሽ ቫይረስ ”ኮሮና” ተዘርጊሕሉ ዘሎ ከባቢታት ዝመጻኹም ይምልከት።

## እንታይ ክትገብር ኣለካ?

ኣብ’ዘን ዝሓለፋ 14 መዓልትታት ኣብ ቀጻሊ ለበዳ ዘለዎ ቦታ ነይርካ እንተኾይንካ:

- ምልክታት ሕማም ስርዓተ ምስትንፋስ ከም’ኒ ምስዓል፡ ጸገማት ምስትንፋስ ወይ ረስኒ እንተለካ – ሕክምናዊ ምኽሪ ብሽወደንኛን እንግልዝኛን መታን ክትረክብ ናብ ሓባሪ-ጥዕና 1177 ደውል (ቊ.ተሌፎን 1177)።

## ነብስኻን ካልኦት ሰባትን ብኸምዚ ትከላኸል

- ክትስዕል ወይ ሕንጥሸው ክትብል ከለኻ፡ ኢድካ ዓጺፍካ ኣብ ናይ ቅድሚት ኵርናዕ ኢድካ ካብ ምባል ኣይትዘንግዕ
- ኣእዳውካ ብሳምናን ማይን ተሓጸብ



**ሕቶታት ኣለካ ድዩ?**

እዋናዊ ሓበሬታን መልስታት ናይ ዝውቱራት

ሕቶታትን ኣብ’ዚ ረአ
www.folkhalsomyndigheten.se/nyacoronavirus

## ብዛዕባ ሕማም ኮቪድ-19 (covid-19)

ካብ ታሕሳስ 2019 ኣትሒዙ ኣብ ቻይና ሓደ ሓድሽ ቫያረስ ”ኮረና” ይላባዕ ኣሎ። እቲ በዚ ቫይረስ ዝስዕብ ሕማም ኮቪድ-19 ዝብል ስም ተውሂብዎ ኣሎ። እዚ ሕማም ንመብዛሕታኦም ቀልጢፉ ባዕሉ ዝገድፍ ዝተቓለለ ምልክታት ሕማም ስርዓተ ምስትንፋስ ይግበረሎም ደኣ'ምበር ንገሊኦም ግን ከም ነድሪ ሳንቡእ(ኒሞንያ) ዝኣመሰለ ዝተኻበደ ሕማም ይወርዶም'ዩ። ምስ'ቲ ዝሓመመ ሰብ ኣካላዊ ምትንኻፍ ምስ ዝህሉ ወይ እቲ ሕሙም ምስ ዝስዕል ወይ ሕንጥሸው ምስ ዝብል(ብመገዲ ነኣሽቱ ንጣባት)እቲ ቫይረስ ይመሓላለፍ። ኣብ'ቲ እቲ ሕማም ተላቢድዎ ዘሎ ከባቢ እንተ ነይርካ ወይ ድማ በዚ ሓድሽ ቫይረስ "ኮሮና" ዝተለበደ ሰብ ኣብ ጥቓኡ እንተ ነይርካ፡ ንኽትልከፍ ዘሎ ሓደጋ ክብ ይብል።

covid-19 information resenärer tigrinja 2020-02-27

**Solna** Nobels väg 18, 171 82 Solna **Östersund** Forskarens väg 3. Box 505, 831 26 Östersund.
**www.folkhalsomyndigheten.se**